# ወየ! ወየ'ዶ! ክብለሉ፡ ነዚ ጠላ'ም ሓሳዊ ኣይተ መለሰ ዜናዊ!

ወየ'ዶ ክብለልካ ኣይተ መለሰ ዜናዊ፤
ረከርድ ዝበጠስካ ናይ ዓለምና ሓሳዊ፤
ንዓለም ዘደናግር ተንኰላት እትጸዊ።
ስኽፍ'ኳ ዘይብለካ ፍጹም ሰይጣናዊ።
ንኣመሪካዊ ኣሚንካ ልዕሊ ኣፍሪቃዊ፤
ካን ድዩ ኰይኑካ ፍጹም ዘይትሓዊ፤
እንታይከ ትብሎ ንኹሉ ኢትዮጵያዊ፤
እቲ ኵሉ ዘመናዊ ሕክምና ኤውሮጳዊ፤
ሕጂ እንታይ ይገበር ንመይከ ተእዊ?

ሂወትካ ከይሓለፈት ከይኣተኻ ኣብ ሓዊ፤
ባዕልኻ ሃሪምካ ክነስኻ ቀዲምካ እተእዊ፤
ንኣህዛብ እተጣቓዕስ ሎኾመኛ ወገናዊ።
ጥልመት ሕላገትካ ይሁድ ዘይመማሰዊ።
ንሃገራት ከተጣቓዕስ ንረብሓ ውልቃዊ።
ወይስ ከተደናግር ኢኻ ንግዚኡ መዐሸዊ?
ብዛዕባ ዝሰረቕካዮ ዶላራት ብሚልያርዳዊ?
ካንዶ ፈጺሙ ኣይጠቐመካን ንኽትሓዊ?
መን ይሓዝነሉ ንጠላም ስሱዕ ሓሳዊ! ወየ! ወየ!

በልስከ ከለኻ ስምዓዮ ዓይንኻ ከይፈሰሰ!
እቲ ሰይጣናዊ ዕላማኻ ኣህዛብ ዘጣቘሰ።
ንኤርትራ ኪድህኽ ሕልናኻ ምስተበገሰ።
ብኣንጻሩ ኰይኑ ግን ናባኻ ካብ ተመልሰ!
ተመኺርካ'ኳ ኔርካ መሬት እንከይመሰ፤
ልብኻ ግን ኣይሰምዕን'ዩ እቲ ዝጠፈሸ።
ክትክድም ስለዝወሰንካ ገንዘብ ንዘፍሰሰ፤
እቲ ጋኔን ክንሱ ክዳን ጻድቃን ዝለበሰ፤
ንኤርትራ ከንበርክኽ ንህዝቡ ዝጨረሰ።

ታሪኽ እኩይ ሕልምታትካ ሰማይ ዝጠሓሰ፤
ንልብኻ ሰይጣን ተወጢሑዎ ምስ ነገሰ፤
ሕማምን ሞትን ተመኒኻዮ ንኻልእ ኪሳሰ፤
እንታይዶ ይግበር'ዩ ሕጂ ማይ ምስፈሰሰ።
ለባማት ዝበሉኻ 'ተትገብር ክንደይ ምሓሸ!
ሎኽ ሎኽ ኣብዚሑ ዋላ ይውጋሕ ይምሰ።
ዓለም እንዶ'ሞ ኣርኪባትካ ከም ሃይለስላሰ።
ንመንግስቱ'ውን ሓሊፍካዮ ነቲ ባዕሉ ዝነገሰ።
ናትካባ ይገድድ ጭፍራኻ ዝተሓምሸሸ! ወየ!ወየ!

ሃየ በል ሕጂ ተናዘዝ ሓጥያትካ ተናሳሕ!
መን'ድዩ ደጊፉካ ኣዲስ ኣበባ ንምብጻሕ?
እስኪ ንገረና ኣብታ ሓቂ ድማ ንብጻሕ?
ንሻዕብያ ለሚንካ'ምበር ጸገምካ ኪፍታሕ፤
ኣዲስ ኣበባ ቈረስካ ኣስመራ ክትምሳሕ፤
ኣኺሉካ'ዩ ደጊምሲ ኣይትበል ፈሳሕሳሕ፤
ጌጋ ፈጺመ በሎም ንወለዶ ናይ ጽባሕ፤
ተሳኒኻ ምንባር ጥራሕዩ'ቲ እንኮ ፍታሕ፤
ገንዘብ እንተተኣከበ ባንክታት ንምስባሕ፤

ንሞት ካብ ነቓልካ ካብ ሎሚ ካብ ጽባሕ፤
ብዘይ ሻዕብያ'ኳ ኵሉ ምበለካ ኔሩ ፋሕፋሕ!
መሬት'ኳ ጸልሚቱ ኔሩ'ዩ ኣቢሉካ ቀባሕባሕ።
ምኽሪ ደሊኻ ደኒንካ ኣእዳውካ ኪዝርጋሕ።
ኣሻብኻ ደኣሞ ረሲዕካዮ ታሪኽካ ንምርሳሕ።
ነፍስካ ዚምሕር እንተሎ ቀልጢፍካ ተናሳሕ።
ከምኣመሎም ከይዕሸዉ እታ ሓቂ ትደርጓሕ።
ዘይናትካ ምግባት ኣይኮነን ስስዐ ገፋሕፋሕ።
ንሞት ኣይስዕራን'ዩ ዝበዝሐ ይብዛሕ። ወየ!ወየ!

ዘክር ኣብቲ መጀመርያ መጺኻ ኤርትራ!
ቍስልና ኣይንሕከኽ እናበለት'ያ ዘሚራ!
እስኪ ሓቂ ተዛረብ ነዛ ነብስኻ ዝምሕራ!
ኵናት ዝወላዕካልና ኣብ ባድመ ብወረራ!
ስስዕቲ ድያ ኣታሊላትካ ዝገበረት ገይራ?
ኣብዛ ምልእቲ ዓለምና ኵልና እንነብራ!
ሕብረን'ኳ ጸሊእካዮ ንኣዊንቲ ኤርትራ፤
ኣዕጽምቲ ሰዉኣትና ብኽብሪ ዝተቐብራ፤
ንደገ በቲንካየን ብሰላም ቀሲነን ከይነብራ፤

ቅብእቲ ኪትመስል መልሓስካ ምጅማራ!
ንህዝቢ ያኢ ከተታልል ዝገበረት ገይራ!
እንታይ'ዩ ሽፈኑወን ኣዊንትኻ ዝዓወራ?
ኣሻብኻ ደኣ ረሲዕካዮ ሓይሊ ሓፋሽ ሰውራ!
ሰይጣን ኣስሒቱኒ ግን ከይትብለና ሓደራ!
ንዓኻ ዚስዕር ሰይጣንሲ የለን ብሓበራ።
ብኣልማማ ሰጕጕካየን ንሰናይካ ዝገበራ።
ቅያ ጅግንነት ፈጺመን መሬት ዝሰፈራ፤
ሽዑ'ዩ ንወያነ ዝቐበጸ ህዝቢ ኤርትራ። ወየ!

ንባድመ እናበልካስ ናብ ዓሰብ ክትዘምት፤ ካብተን ኣዒንትና ንሓንቲኣን ከትዕምት!
ትግራይ ምስ ወደባ ጋሸ ባርካ ከተካትት፤ ዘይትሰዓር'ድዩ መሲሉካ ዘይብልካ ዝዓግት።
ዘይትሓምም ድዩ መሲሉካ ዘይትመውት፤ ብስስዕቲ ተመሊኽካ ስልጣን ከተኻዕብት።
ናይ እናማትካ ሃሪፍካ ክንደዚ ትህውትት። ክንደይከ ትዕሹ ንገለ ለባማት ዘይትሓትት!
መንዩ ኣንቂሑካ ሓላል ምኻኑ ክትዘምት? ጀንዳይዶ ኮንደሌሳ ሱዛን ራይስ ብምልክት?
ድሌት ጕዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ከተዐውት፤ ንጐረባብቲ ሃገራት ክትወርር እተኽትት።
ቍሩብ ዘይትሓስብ ኣእምሮኻ ዘይትኽፍት፤ ኣመሪካ'ኸ ኣበይ ሃገርያ ራህዋ እትኽስት?
ብዘይካ ብዓመጽ ጥቕምታታ ንኽተቋምት፤ ንሓፋሽ ረጊጻ ጸጋታት ሃገርካ ክትግብት!
ከምገለ እንተተቓወምካ እተብለካ ዕምት፤ ድሕሪኡ ንሬሳኻ ጕሒፋ ትጐትት። ወየ! ወየ!

ናይ ሕጅኻ'ባ ገደደ መሬት ኣብ ምዕራቡ፤ እንከዳዕ ሃዳሚ ተበላጺ ኵሉ ተኣኻኺቡ፤
ኣብ ጕባኤ ኣዋሳ ቁምነገር ያኢ ተረኺቡ፤ ንጀጋኑ ደቂ ኤረ ማሪኹ ኮታ ኣረብሪቡ፤
መሬት ሓላላት ከረክቡኻ ምስ ኵሉ ወደቡ፤ ኣብ ሕልሚ ኣምባሂቑካ ኵሉ ምስጀርበቡ!
ሕልሚ ግን ሕልሚ ጥራሕ'ዩ ርሒቑ ቀሪቡ፤ ደቂ ሓራስ ነብሪ ደኣሞ ፍጹም ዘይርብርቡ!
ወርቂ ብሩር ደኾን ተራእዩካ ተተደራሪቡ? ወይስ ዲጋታት ኣቕኒኡካ ብማያት ዘቕቢቡ።
ንሱስ ሳላቶም ውፉያት'ዩ ረሃጾም ዘንጠቡ። እቶም ዘይተሓለሉ ወጊሑ ክሳብ ምዕራቡ።
ዘይከኣል'ኳ የለን'ዩ ሓፋሽ እንተ ተወዲቡ፤ ንሰላም እንተተበጊሱ ህዝቢ ጥሪቱ ምስ ሰቡ።
እምበር ብልማና እኽሊዶ ጽጋብ ተረኺቡ፤ ብርሃጽ ደምካ ሓላል መሬት እንተዘይተገዲቡ!
ህዝቢ ኢትዮጵያ ብወያነ ኣመና'ዩ ተዓጊቡ፤ ብመቓቓሊ ፖሊሲኻ መከራ ጸጊቡ። ወየ!ወየ!

ንብረትና ንኽትግብት ንባድመ ዝተበገስካ፤ ህዝቢ ኤርትራ ከተጽንት ወራራት ዘብዛሕካ።
ዘዝተመነኻዮ ምዝማት መን ሓላል በለካ? ጸጋ'ዛ ሓላል ሃገር ክትውንን ወትሩ ዝሓለምካ።
ኵሉ እንተተሳለጠ ብምምሕዳር ኣመሪካ፤ ከምቲ ዝተመነኻዮ እኩይሲ ፍጹም ነይኮነልካ።
ኣሚኖም ንዝመኽሩኻ ሕቘኦም ወጊእካ፤ ክንደይ ዝኣክል'ያ ልብኻ ተንኰል ተተኽቲኻ?
ኢዱ ክትቈርጸ እትምድብ ነቲ ዘዕጠቐካ። ኣይኮነን እምበር ከም ባህግኻ እንተዝሰልጠካ፤
ንዅሉ ህዝቢ ኤርትራ ቀቲልካ ኣጽኒትካ! ዓባይ ትግራይን ወደባታን ብጋህዲ መስሪትካ!
ዳግማይ ሃጸይ ምኻን'ዩ ንዮሃንስ መሲልካ! እቶም ከዳዓት ኣባኻ ተኣማሚኖም ዚስዕቡኻ፤
ኣበይ ፈሊጦም ከምእትርሸኖም ባዕልኻ። እዚ እንተዘይተሰቕሩዎም ኣእዱግ'ዮም ከማኻ።
በል ድሓን ኩን ተገንዘ ከይጨኑ ሬሳኻ፤ ካብ ሲኦል መደቡ ሰይጣን ኣይፍለኻ። ወየ!ወየ!

ሓቂ ዝሕላገታ ኤርትራ ንዘንትእለት ተዓዋቲት'ያ !

ዘልኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ንስውኣትና !

ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ ! መትከል ኣስመሮም ሽወደን።